
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ዘደንቅ ጉዕዞታት ጳውሎስ

ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ


ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org


©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ጳውሎስን ሲላስን ኣገልገልቲ ኢየሱስ
ተኣሲሮም ነበሩ፡ ዝኾነ በደል
ኣይገበሩን ግዳስ - ካብ ሓንቲ ሰበይቲ
ጋኔን ኣውጺኦም ነቶም
ኣብ ፊልጺ ዝነብሩ ዝነበሩ ጣኦት
ዘምልኹ ሰባት ሓይሊ ናይቲ ሓቀኛ
ኣምላኽን ወዱ ኢየሱስን እንታይ
ምዃኑ ስለ ዝገለጹ ኢዩ፡ በዚ ድማ
ተታሒዞምን
ተገሪፎምን
ተኣሲሮም።




ጳውሎስን ሲላስን በዚ ነገር ክቑጡዑን፡ ክሓርቑን ኢዩ ትጽቢት ዝግበረሎም ግን ንሳቶም ፍርቂ ለይቲ ተንሲኦም ኮፍ ኢሎም ንኣምላኽ ናይ ምስጋና መዝሙር ይዝምሩ ነበሩ! ኵሎም እቶም ካልኦት እሱራትን እቲ ሓላዊ ቤት ማእሰርትን ድማ ይሰምዕዎም ነይሮም።
3
ሃንደበት ድማ እቲ መዝሙር ደው ኣበልዎ፡ ኣምላኽ ነቲ ቤት ማእሰርቲ ከናውጾ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ሰደደ፡ ኲሎም ማዕጾታት ድማ ተኸፍቱ፡ ናይ ኩሉ እሱር ሰንሰለት ድማ ካብ ኣእዳዎም ተፈትሐ።
4
ኦ -- ኦ! እቲ ሓላዊ ቤት ማእሰርቲ ኵሎም እቶም እሱራት በቲ ዕግርግር ከም ዝሃደሙ ርግጸኛ ኮይኑ ስለ ዝነበረን ሓደ እሱር እንተሃደመ ድማ መቕጻዕቱ ሞት ስለ ዝኾነን፡ ሰይፉ ኣውጺኡ ገዛእ ርእሱ ክቐትል ፈተነ።
5
ጳውሎስ ግና፡ "ኵላትና ኣብዚ ኣሎና እሞ፡ ንርእስኻ ኣይትጐዳእ" በሎ፡ እቲ ሓላዊ ቤት ማእሰርቲ ነዚ ምስ ረኣየ፡ "ጐይቶተይ ምእንቲ ኸድሕን እንታይ ክገብር ኣሎኒ ኢሉ ሓተተ፡ "ብጎይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ እመኑ እሞ ንስኻን ስድራኻን ክትድሕኑ ኢኹም" በልዎ፡ እቲ ሓላዊ ቤት ማእሰርቲ ድማ እንዳተሓጎሰ ኣመነ።
6
ንጽባሒቱ ምስ ተፈትሑ ጳውሎስን ሲላስን ናብ ብዙሓት ካልኦት ከተማታት ተጓዒዞም ብዛዕባ ኢየሱስ ንሰባት ይምስክሩ ነበሩ፡ ገለ ሰባት በቲ ምስክርዎም ኣመኑ፡ ገሊኦም ድማ ክጎድእዎም ፈተኑ፡ ኣምላኽ ግን ምስ ኣገልገልቱ ነበረ፡ ሓደ ለይቲ ጳውሎስ ትምህርቱ ንሰዓታት ስለ ዘንውሐ ኣብ ጥቓ ክፉት መስኮት ኮፍ ኢሉ ዝነበረ መንእሰይ ደቀሰ፡ እንታይ ከም ዘጋጠመ ክትግምት ትኽእል ኢኻ፡
7
እቲ መንእሰይ ከም ዝሞተ ኩሉ ሰብ ይፈልጥ ነይሩ፡ ጳውሎስ ግን ወሪዱ "ህይወቱ ምስኡ ኣላ" ኢሉ ሓቝፎ፡ እቶም ሰባት ድማ ነቲ መንእሰይ ኣልዒሎም ብህይወት ኣእተውዎ፡ ኣዝዮም ድማ ተሓጎሱ።
8



ጳውሎስን ሲላስን ኣብ ኤውሮጳ ክኳዓዙ ከለዉ ብዙሕ መሳጢ ተመኩሮታት ኣሕሊፎም ኢዮም፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ድማ ጳውሎስ ኣብ ጃልባ ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዩ ኣጋጢሙ እተን ኣብቲ እዋን ዝነበራ ጀላቡ ብሓጺን ዝተሰርሓ ናይ ውቅያኖስ መራኽብ ዘይኮናስ፡ ኣብ ህቦብላ ዝመልኦ ኩነታት ኣየር ብቐሊሉ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ተንሳፈፍቲ ጀላቡ እየን ነይረን።
9
ጳውሎስ ደጊሙ ስለ ዝተኣሰረ ኣብታ ርእሰ ከተማ ዓለም ዝኾነት ሮማ ኣብ ቅድሚ እቲ ሃጻይ ክቐርብ ስለ ዝነበሮ ኣብታ እቶም እሱራት ዝነበርዋ ጃልባ ነበረ፡ ብርቱዕ ንፋስ ግን ነታ ጃልባ ጉዕዞኣ ኣደንጎዮ፡ ህቦብላዊ ኩነታት ኣየር ኣብ ቅድሚ እቲ ጉዕዞ ዘሎ ይመስል ነይሩ፡ ንጳውሎስን ነቶም ካልኦት እሱራትን ከምኡውን ነቶም ሰራሕተኛታት ጽንኩር ጉዕዞ እዩ ነይሩ።
10
ኣብቱ ኣሕዋት! እዚ ጉዕዞ ብሓደጋ ከም ዝውዳእ ተገንዚበ ኣለኹ" ኢሉ ጳውሎስ ኣጠንቀቆም፡ እቲ መራሒ እታ ጃልባ ግን ኣይሰምዖን፡ ናብ ባሕሪ ወጺኦም ድማ ከዱ፡ ሓደ ዓብዩ ህቦብላ ምስ ወቕዖም ግና ነታ ጃልባ ንከይትስበር ተሰኡ ብምግባር ኣብ ዙርያኣ ገመድ ኣሲሮማ ነበሩ፡ እታ ጃልባ እንተ ድኣ ተሰቢራ ግን ማይ ዝመልኣት መቓብር እያ ክትኮኖም።
11
እታ ጃልባ ኣዝያ ብህቦብላ ንፋስ ስለ ዝተገላበጠት፡ እቲ ሓለቓ ጃልባ ክብደት ንምቅላል ኢሉ ንኹሉ ሰብ ንክሕግዝ ነገሮ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ሓገዝ እንተኾነ ኢሉ ነቲ መሳርሒ ናውቲ እታ ጃልባ ናብ ባሕሪ ደርበዩ።
12
ብለይቲ ሓደ መልኣኽ ኣብ ጥቓ ጳውሎስ ደው ኢሉ ነገራት ንጽቡቕ ከም ዝኸውን ነገሮ፡ ጳውሎስ ድማ "ኣቱም ሰባት፡ ከምቲ እተባህለኒ ኸም ዚኸውን ንኣምላኽ ይኣምኖ እየ እሞ፡ ‘’ኣጆኹም’’ ግናኸ ኣብ ሓንቲ ደሴት ክንጽጋዕ ኣሎና" ምስ በሎም እንቶም ካል ኦት ሰባት በዚ ነገር ተጽናንዑ።
13
ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት እታ ጃልባ ኣብ ጥቓ ደሴት ማልታ ተሰባበረት፡ ኣብ ኣኻውሕ ዝበዝሖ ዓሚቑ ቦታ ድማ ተጋጭያ ተበታተነት፡ እቲ ሓለቓ ጃልባ ድማ ነቶም ክሕንብሱ ዝኽእሉ መጀመርታ ሓንቢሶም ናብ ምድሪ ክበጽሑ ኣዘዞም፡ እቶም ዝተረፉ እውን ገሊኦም ብጸፊሕ ጣውላ ገሊኦም ድማ ድማ ብስብርባር እታ ጃልባ ብሰላም ናብ ምድሪ ወጹ።
14

ኣብ ደሴት ማልታ ድማ ንሓዊ ዚኸውን ዕንጨይቲ ኪእክቡ ኸለዉ ሓደ መርዛም ተመን ንጳውሎስ ነኸሶ እቶም ሰባት ድማ ዝመውት መሲልዎ ነበረ፡ ግን ዋላ ሓንቲ ጉድኣት ኣየምጽኣሉን፡ ሽው እቶም ህዝቢ ጳውሎስ ኣምላኽ ኢዩ በሉ፡ ብዙሓት ሕሙማት ድማ ናብኡ መጹ፡ ጳውሎስ ምስ ጸለየሎም ድማ ኣምላኽ ፈወዮም።




15

ኣብ መወዳእታ ጳውሎስ ኣብ ሮማ በጽሐ፡ ጉዳዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽረአ ልዕሊ ክልተ ዓመት ወሰደሉ፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ጳውሎስ ገዛ ተኻርዩ ኣጋኡሽ ይቕበል ነበረ፡ ጳውሎስ ነቶም ኣጋይሹ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝነገሮም ትፈልጥ’ዶ፧ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ! ጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ! ጳውሎስ ልክዕ ከምቲ ኣብ ኰሉ ካልእ ጉዕዞ ዝገብሮ ኣብ ሮማ ድማ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ነይሩ።



16

ጳውሎስ ካብ ሮማ ከሎ "ነቲ ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ፡ ጉያይ ወዲአ ኣለኹ፡ እምነተይ ድማ ሓልየ ኣለኹ" ኢሉ ጽሒፉ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ህይወቱ ብኸመይ ከም ዝተዛዘመ ኣይነግረናን እዩ፡ ካልእ መዛግብቲ ግን ጳውሎስ ኣብ ሮማ ብትእዛዝ ሃጸይ ኔሮ ክሳዱ ከም ዝተቖርጸ ይሕብሩ፡ ጳውሎስ ድማ እሙን ኣገልጋሊ ኣምላኽ ኮይኑ፡ ንኻልኦት ብዛዕባ ኢየሱስ ክርስቶስ እንዳ ነገረ ሞተ።



17


ዘደንቅ ጉዕዞታት ጳውሎስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ግብሪ ሃዋርያት 16፣ 27፣ 28

˝ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።˝ መዝሙር 119፣130

18








19

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኲሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኲሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኲሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16

20